- Camp Coordination and Camp Management
- Child Protection
- Food Security and Agriculture
- Housing, Land and Property
- Education
- Health
- Humanitarian Mine Action
- Nutrition
- Livelihoods
- Protection
- Shelter, Settlement and Recovery
- Water, Sanitation and Hygiene
- Humanitarian Operati Support Sectors

# ግዳያት ብኸመይ ክሕግዝ ይኽእል

ናይ ጂቢቪ ተዋሳኣይ/ክኢላ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዘይህሉ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ/ማህስያ ዝበፅሖም ሰባት ንምድጋፍ ዘኽእልንኪኢላታት ሰብኣውያን (ገበርቲ-ሰናይ) ዝኸውን ሓፂር መምርሒ መፅሓፍ
(Pocket Guide)

የሴቶች፣ ሕፃናትና ወጣቶች ሚኒስቴር
Ministry of Women Children and Youth
UN WOMEN
unicef
UNFPA

እዚ ኣብ ጾታ ዝተመስረቱ ምግሃሳት ጥቕዓታትን ዝምልከት መምርሒ ንእሽተይ መፅሓፍ ብናይ ሞባይል ኣፕሊኬሺን ዝተደገፈን ናይ ኣብ 2020 ብ ገንዘባዊ ሓገዝ ዩኒሴፍን ከምኡዉን ዩኤን ደቂ ኣንስትዮ ዝፈረየ እዩ፡፡ እዚ መምርሒ ኣብ ዓለምለኻዊ ደረጃ ካብ ዝፀደቐ ናይ ዝተፈላለዩ ኣካላት እታወታት እንግሊዝኛ ቅዳሕ መሰረት ዝገበረን ናብ ናይ ኢትዮጵያ ኩነታት ንኽምቹ ዝተገበረን እዩ፡፡  እዚ ናይ ምትርጓምን  ምምሕያሽን ንእሽተይ መፅሓፍ መምርሒ ብዩኒሴፍ (UNICEF)፣ ዩኤኔፍፒኤ (UNFPA)፣  ዩኤን ደቂ ኣንስትዮ ከምኡውን ሚንስትሪ ደቂ አንስትዮ ኢትዮጵያን፣ ህፃናትን መንእሰይን (ኤም ኦ ዳበሊው ሲዋይ) ዝተመርሐ እንትኸውን  ብተወሳኺ ድማ ካብ ዓለም ለኻዊ ምድሓን ዕሸላት ኮሚቴ ኣብ ቆልዑ ዝበፅሕ ፆታ ዝተመርኮሰ ጥቓዓት ጎንፂ ናይ ከባቢ መርበብን ሓላፍነትን ከምኡውን ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ መርበብ/መራኸቢ ፒ ኤስ ኢ ኤን ብዝተወፃፅኡ ሰብ ሞያ ቴክኒካዊ ድጋፍ ዘተኻተቶ መምርሒ እዩ፡፡ ተወሳኪ ሓበሬታታትን ህሉው ኩነታት ኢትዮጵያን፣ ፀጋታትን ከባቢያዊ ስነቃልን ምምሕያሸ ተገይሩሉ እዩ፡፡

---

እዚ ቅዳሕ ንእሽተይ መምርሒ መጽሓፍ (Pocket Guide) ናብ ቋንቋታት ኣምሓርኛ፣ ኦሮምኛ፣ ትግርኛን ሶማልኛን ብጾበ ኣልባ ተርጎምቲ (Translators Without Borders) ዝተተርጕመ እንትኸውን ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ጥቐሚ ምእንታን ክውዕል ብሚንስትሪ ደቂ አንስትዮን፣ ቆልዑትን መንእሰይን ፀዲቑ እዩ፡፡

Camp Coordination and Camp Management

Child Protection

Food Security and Agriculture

Housing, Land and Property

Education

Health

Humanitarian Mine Action

Nutrition

Livelihoods

Protection

Shelter, Settlement and Recovery

Water, Sanitation and Hygiene

Humanitarian Operations Support Sectors

# እንታይነት እዚ ንእሽተይ መምርሒ መፅሓፍ?

እዚ ሓፂር መምርሒመፅሓፍ ዝቐረበ[1]

ንኩሎም ኣብ ናይ ግብረ-ሰናይ ስራሕቲ ንዝተዋፈሩ ኪኢላታት እንትኸውን ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት የተኩር፦

- ኣብ ጾታ- ዝተመስረተ ጥቓዓት/ዓመጽ (ጂቢቪ) ግዳይት ከመይ ጌርካ ትድግፍ
- ብዛዕባ ዘጋጠሞም ጂቢቪን ልምዶምን ንዓኻ ዝገለፁልካ እንመንዮም
- ተዋሳእቲ ጂቢቪ ኣብ ዘይህልውሉ ኩነታት (ናይ ጂቢቪ ትኹረት ነጥብታትን ደገፍትን) ኣብ ዘይርከቡሉ እዋን።

እዚ ሓፂር መምርሒ መፅሓፍ ተወሳኺ ጉዳኣት ከይወሰኽካ ንግዳይት ጂቢቪ መሰረታዊ ድጋፍን ሓበሬታን ብምሃብ ዓለምለኻዊ መለክዒ ይጥቀም። ደገፍቲ ክኢላታት ጂቢቪ ንግዳያት ማእከል ዝገበረ ኣቀራርባ ዝሓዘ ኣገባብ ምስ ናይቲ ከባቢ ነባራዊ ትሕዝቶ ከም ዝሰማምዕ ክትግበር ነተባብዕ።

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ መምርሒ ስነልቦናዊ ቀዳማይ ረድኤት (PFA)) መትከል ኣሰራርሓ (ኣዳሉ ፣ ተመልከት ፣ ስማዕን ኣራኽብ) ፣ ዝሓለፈ ፍልጠት ወይ ስልጠና ኣብ ፒኤፍኤ ኣድላይ ኣይኮነን። ሓፈሻዊ ስልጠና ፒኤፍኤ እዩ ዝተባባዕ።

[1] ነቲ ንእሽቶ መጽሓፍ መምርሒ ዘሰንዮ ዘሎ ናይ ድሕረባይታ መዘኻኸርን ናይተጠቃሚ ጠቐምቲ ምኽርታትን / መምርሒታት ከመይ ትገብር እዩ።

# ትሕዝቶታት


| ክፋል | ገፅ | ንጥቀመሉ ግዘ |
|---|---|---|
| **ቀንዲ መልእኽትታት** | 2 ን 3 ን | ቅልጡፍ መምርሒ |
| **ገሪብ ውሳነ** | 4 | |
| **ናይ መረዳእታ ሰነድ**<br>ኣብ ዝርከቡ ኣገልግሎታት ዝተዳለወ | 6 | |
| **ክግበሩ ዝግበኦም ፣ ክግበሩ ዘይግበኦምን እንታይ ክንዛረበ ከምዘለና** | | |
| ረኣይ | 8 | |
| ስማዕ | 9 | |
| ኣራኽብ | 10 ን 11 | |
| **ዝርዝር መምሪሒ** | | ኣብ ፍልጠትን ክእለታትን ምድላውን ዝተሃንፀ መልሲ ንምሃብ |
| ምድላይ ደገፍን ፒኤስኤ | 12 | |
| ተዳሎ ፣ ተመልከት ፣ ስማዕ ክምኡውን ኣራኽብ | 13 - 16 | |
| **ቖልዑን መናእሰይን** | 17 - 20 | ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመ ንዝርከቡ ቖልዑትን መናእሰይን ቅልጡፍ መምርሒ |

# ቀንዲ መልእኽትታት

**ኩሉ ግዜ መጀመሪያ ንበዓል ሞያ ፆታዊን ካልኦት ጥቓዓታትን ኣዛርብ/ቢ፤**

ኣብ ከባቢኻ/ኺ እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ፆታዊ ጥቓዓት ከምዝርከቡ ንኽትፈልጥ ። ገለ ኣገልግሎታት ምናልባት ካብ ናይ ክፍሊ ህፁፅ መስመር ስልኪ፣ ሞባይል መተግበሪ ወይ ካልኦት ና ድጋፍ ዓይነት ከኾኑ ይኽእሉ።

**ብዛዕባ ካልኦት ኣገልግሎታት ንቅሓትን ኣፍልጦ ይሃልይካ/ኪ፤** ኣብ ከባቢኻ። ብመዳርግቲኣካላትን ግብረ-ሰናይን መንግስትን ዝዋሃቡ ኣገልግሎታት ከም ጥዕና ፣ ስነ ኣእሙራዊ ደገፍ፣ መፅለሊ፣ ናይ ሕጊ ድጋፍ፣ ናይ መግቢ ዘይኮኑ ኣቕርቦታት ኣለልዩ። ብማሕበረሰብኩም ዝተዋህቡ ከም እምነት-መሰረት ዝገበረ ፣ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምርሑ ትካላትን ጒጅለታትን ናይ ኣካል ጒድኣት ኣገልግሎታት ዝህቡ ትካላት ኣብ ግምት ኣእትው።

**እጃምካ ዘክር፤** ካብ ፍርዲ ነፃ ዝኾነን ዝሰምዕ እዝኒ ይሃልውካ። ኣብ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ቅኑዕን እዋናዊ ዝኾነን ሓበሬታ ኣቕርብ። ነቶም ግዳያት ናይ ገዛእ ርእሶም ምርጫታት ክወስኑ ፍቐደሎም። ክተማሓድሮን ክትሰርሖን እትኽእሎን ፊሊኻ ፍለጥ።

ኣብ ከባቢኻ ብዘይ ጂቢቪ ተዋሳኣይ ፣ ምናልባት ናይ ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ተወሳኺ ኣቓልቦን ደገፍን ዝደልዩ ካብ ሐደጋ ዝደሓኑ( ግዳያት) ዝሕግዙ ከም ኪኢላ ምክልኻል ጥቓዓት ቆልዑት ወይ ናይ ኣእምሮ ጥዕና በዓል ሞያ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ቅድሚ ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ምርኻብካ ነቲ/ታ ግዳይ ፍቓድ ሕተቶ/ታ። እታ ወይ እቲ ግዳይ ኣይፋሉን እንተኢላ/ሉ ኣይተገድዶም።

ተበግሶ ወሲድካ ካብ ሐደጋ ዝደሓኑ(ግዳያት) ጂቢቪ ንምልላይ ወይ ንምድላይ ኣይትግበር። ኣይትለሊ ወይ ኣይትድለይ ። ከም ኣጋጣሚ ዝኾነ ሰብ ንሓገዝ እንተሓቲቱካ ግና ሓግዞ።

**ሓላፍነትካ ዘክር**። ኩሎም ናይ ግብረ-ሰናይ ኪኢላታት ጾታ ፣ ጾታዊ ኣቓውማ ፣ ጾታዊ ማንነት ፣ ኩነታት መርዓ ፣ ኣካላዊ ጒድኣት፣ ዕድመ፣ ብሄር /ዘርኢ/ ዓሌት/ ሃይማኖት ፣ መን ገበን ፈፂሙ/ ዓመፂ ፈፂሙን ፣ ዓመፅ ዝተፈፀመሉ ኩነታት ብዘየገድስ ኣብ ፀገም ናይ ዘለው ሰባት ምስጢራውነት ምሕላው ፣ ብዘይምፍራድን፣ ብዘይምድላውን ድጋፍ ምቕራብ ግቡኦም እዩ።

**ካብ ሓደጋ ዝደሓኑ(ግዳያት) -ማእከል ዝገበረ ኣቀራርባ** ብምልምማድ ንምጥቃም እዞም ዝስዕቡ ምኽታል ፦

- **ኣኽብሮ ፦** ኩሎም እትወስዶም ስጕምትታት ንግዳያት (ካብ ሓደጋ ዝወፁ) ምርጫታት፣ ድልየት ፣ መሰላትን ኽብርን ብምሓው ዝተመርሑ ክኾኑ ኣለዎም።
- **ድሕነት ፦** ድሕነት ግዳያት (ካብ ሓደጋ ዝወፁ) እቲ ወሳናይን ቁጽሪ ሓደ ዝስራዕን ዕማም እዩ።
- **ምስጢራውነት፦** ሰባት ታሪኾም ንመን ይነግሩን ንመን ኣይነግሩን ናይ ምምራጽ መሰል ኣለዎም። ምዕቃብ ምስጢራውነት ማለት ዝኾነ ሓበሬታ ንዝኾነ ሰብ ዘይምክፋል እዩ።
- **ኣድልዎ የለን ፦** ንዝኾነ ደገፍ ዘድልዮ ሰብ ብማዕረን ብፍትሓውነትን ኣገልግሎታት ምቕራብ።እንተድኣ ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ሃልዮም ፣ ኩሉ ግዜ

እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ከምዘለው ሓበሬታ ሃብ/ቢ። እትፈልጦ ኣካፍል ከምኡ'ዉን ኣዝዩ ኣገዳሲ ዘይትፈልጦ ኣብራህርህ።

ንሳ ወይ ንሱ ክረኽበም ከምዝደሊ እቲ ግዳይ (ካብ ሓደጋ ዝወፀ) ክውስን ፍቐደሉ/ድሉ። ፅፈት ዘለዎ ሕክምናዊ ክንክን ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ንምክልኻል ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረክስታትን ሕማማት (STIs) ከምኡውን ኣብ 120 ሰዓታት ዘይተደልየ ጥንሲ ክከላኸል ይኽእል እዩ።

እንተድኣ ደልዮም ከምኡውን ኣብ ሓደጋ ዘይወድቑ ኮይኖም ወይ ኣብ ዝምድንኦም ወጥሪ ዘይፈጥር ኮይኑ ቆልዑን ኣካላዊ ጒድኣት ዘለዎም ሰባትን ኣላይኦም ኣብ ዘየለውሉ ምሳኻ/ኺ ናይ ምርኻብ መማረፂ ዕድላት ኣቕርብ/ቢ።

ብኣይ ወይ ቆልዓ ወዲ ተባዕታይ እንተዳኣ ተዓሚፁ ግብረሰዶማዊ ወይ ወናኒ ክልተኣዊ ጾታ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ፆታ ተመስሪቱ ዝግበር ዓመፅ ኣብ ሓይሊ ዝተመርኮሰ እምበር ፣ ናይ ሓደ ሰብ ጾታዊ ስምዒት ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ፣ ዓመፅ ብምኽንያት ናቱ ወይ ናታ ሓቀኛ ወይ ግምት ጾታዊ ኣቃውማ ኣብቲ ሰብ ዒላማ ዝገበረ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ናብ ናይ ተመሳሳሊ ፆታዊ ድልየት ዘዘንብሉ (ኤልጂቢቲ) ዝኾኑ ሰባት ብሰንኪ ፆታዊ ዝንባለኦምን/ ወይ ፆታዊ መንነቶም መብዛሕትኡ ግዘ እቲ ሓደጋን ጉድኣትን ዓመፅ እንትውስኽ ይረአ። ኩሎም ግዳያት (ካብ ሓደጋ ዝደሓኑ) ንምድጋፍ ብንጡፍ ሰማዕን ደጋፍን የድልዮም።

ዝኾነ ሰብ ኣብ ፆታ መሰረተ ዝገበረ ግህሰት / ዓመፅ ክፍፅም ይኽእል እዩ ፣ ሰብኣይ/ ሰበይቲ፣ ዋና ዓርኪ፣ ኣባል ስድራ፣ ናበይቲ፣ ወለዲ ፣ ኣገልግሎት መቕረብትን ወይ ገንዘብ ወይም ኣቑሑ ንፆታዊ ርክብ ዝቕይርን ሰብ ሓዊሱ ኣብ ፆታ ዝተመስረት ጥቕዓት ክፍፅም ይኽእል እዩ።

ዝኾነ ሰብ ግዳይ ኣብ ፆታዊ ዝተመስረት ጥቕዓታት ክኸውን ይክእል እዚ ድማ በዚኦም ጥራይ ዝውሰን ዘይኮነስ ሰብ ሓዳር ፣ ኣካል ጉድኣት ዘለዎም ሰባት፣ ቆልዑን ፣ ናይ ተመሳሳሊ ፆታ ዝንባለ ዘለዎም (ኤልጂቢቲ) ዝኾኑ ሰባት ፣ ዓበይቲ ዉልቀ ሰባት ወይ ኣብ ጾታዊ ርክብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባት እውን የጠቓልል።

**መንነትን ድሕነትን ናይ ግዳያት ሓሉ። ብዛዕባ ካብ ሓደጋ ዝደሓነ ኣይትጽሓፍ ፣ ስእሊ ኣይትውሰድ ወይ ዝኾነ ዉልቃዊ/ መለለዪ ሓበሬታ ወይ ዘጋጠሞም ምስ ላዕለዋይ ሓላፊኻ/ኺ ወሲኽካ ንኻልኦት ሰባት እውን ኣይተካፍል። ግዳይ (ካብ ሓደጋ ዝደሓነ) ድምፀይ ይቐዳሕ ኣለኹ ኢሉ ስኽፍታ ከይሓድሮ/ራ ንምውጋድ ተሌፎናትን ኮምፒዩተራትን ኣርሒቕካ ኣቐምጦም/ ኣቐምጥዮም።**

- ውልቃዊ/ ገላፂን መለለዪ ሓበሬታ ናይ ጥቕዓት ዝበፅሖ ሰብ ሽም ፣ ሽም ገበን ፈጻሚ(ቲ) ፣ ዝተወለደሉ ዕለት ፣ ቁፅሪ ምዝገባ ፣ ኣድራሻ ገዛ ፣ ኣድራሻ ስራሕ ፣ ደቆም ዝመሃርሉ ቤትምህርቲ ኣካባቢ ፣ ትኽክል ግዜን ቦታ ፍፃመን የጠቓልል።
- ካብ እዚ ፕሮጀክት ውፃኢ ንዝርከብ ኣካል መንነት ዘይገልፅ ሓበሬታ ምሃብ።
    - ንናትካ ጉጅለ ወይ ጽፍሒ መሻርከቲ ኣብ ጻዕሪ ምግባር ናትካ መደብ ውሑስ ግበሮ።
    - ናብ ናትካ ደገፍ መራኸቢ ነብስ ክንክንን ምትብባዕን ኣብ ዘድለየሉ።

---

“ ናቑጣ ማይ ፅሙውን ርሑቕን ስለዝኾነ ምጉጣጥ የጓንፎም ኣሎ። ንሕና ነዚ ምጉጣጥ ንምንካይ ኣብ ቀረብኦም ናቑጣ ማይ ክጥቀሙ ወይ ጉጅለ ኮይኖም ማይ ከምጽኡ ከነተባብዖም ክንፍትን ኢና ፣ወይ ድማ...።”

“ሓደ ሰብ ገለ ሕማቅ ነገር ከም ዘጋጠሞም ተመክሮኡ ኣከፊሉኒ /ኣካፊላትኒ ። ዝርዝሩ ከካፍል ኣይክእልን እየ ፣ግን እዚ ዝርርብ ብኸመይ ከም ዝፀለወንን እንታይ ዓይነት ፅልዋ ከምዘሕደረለይን ንምፍላጥ ድጋፍ የድልየኒ እዩ።”

# ኣብ ፀታ እተ
# ዓመፅ እንተ
# መፂኡኒ እን
# ክንብር ኣለ

መሰረተ
ድኣ
ታየ
?

## ናይ ውሳነ ጨንፈር

ጉዳይ ጂቢቪ ንዓኻ/ኺ ተነጊርካ/ኪ ድዩ...

ብዛዕባ እቲ ግዳይ

**ረአን ስማዕን**
(ናብ ገጽ 7 ከምኡ'ውን 8 ዝርዘሩ ይርኣዩ)

ንባዕልኻ/ዒ ኣላልይ/ዩ።
ብከመይ ክትሕግዝ ከምእትኽእል ሕተት/ቲ፣ ኣኽብሮት፣ ድሕነትን ምስጢራውነትን ምሕላው ተግባራዊ ምግባር።

ብኻልኦት ሰባት ....

ነቶም ግዳያት ዝተሓደሰን ንጹርን ሓበሬታ ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል ዝኾነ ኣገልግሎትን ደገፍን ኣቐርብ። ሓበሬታ ፍቓደኛ ኮይኑ ምእንቲ ክህበካ ነቲ ውልቀ ሰብ ነዚ ሓበሬታ ብዉሑስ ኣገባብን ብምስጢርን ምስት ግዳይ ከካፍል ኣተባብዓዮ።

**መዘኻኸሪ፥**
**ግዳያት ጂቢቪ ኣይተድለ።**

ምድላው ብዛዕባ ዘለዉ ኣገልግሎታት። ኣፍልጦ ይሃልውኻ/ኺ

ንቐልዑን መንእሰያትን ,ኪድ ናብ ገጽ **17**

## ፀታዊ ጥቕዓት ድዩ? ተዋሳኣይ/መመሓላለፊ መንገዲ ኣሎ’ዶ?

### እወ

እቲ ጥቕዓት ናብ ዝምልከቶ ኣካል መመሐላለፊ መንገዲ ንምሕባር እቲ ግዳይ ብዛዕባ ዝረኽቦ ኣገልግሎታትን ምምሕልላፍ ንምፍላጥ እቲ ግዳይ እንተድኣ ፍቓድ ተተዋሂብካ/ኪ ኣመሓላልፎ ኢኻ/ኺ።

### ኣይፋሉን

**መራኸቢ**
(ኣብ ገፅ 9ን 10 ን ይርኣዩ)

ብዛዕባ ዝርከብ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ብንፁር ኣመሓላልፍ

## እቲ ግዳይ ናብቲ ኣገልግሎት ክተኣሳሰር ይመርጽ’ዶ?

### እወ

ብዛዕባ እቲ ዝርከብ ኣገልግሎታት/ጸጋታት ዝርዝር ሓበሬታዘጠቃለለ ብከመይ ኣድላዪ ግዘን ቦታታት፣ትኹረት ዝወሃቦም ናይ ኣገልግሎትናቑጣታትን ኣማራፅታትን፣ ውሑስ መጓዓዝያ ወዘተ. ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ግዳይ ወይ ናታቶም ተመክሮ ምስ ዝኮነ ሰብ ብዘይ ንጹርን ፍቃድ ምውሳድ ናይቲ ግዳይን ሓበሬታ  ኣይተካፍል. ዝርዝር ሓበሬታ ናይቲ ጕዳይ ወይ ነይቲ ግዳይ ውልቃዊ መንነት ናይቲ ግዳይ ኣይትመዝግብ

### ኣይፋሉን

ምስጢራውት እቲ ጕዳይ ሓልው/ዊ። ነቲ ግዳይ ምናልባት ሓሳቡ ክቅይር ከምዝኽእልን ኣገልግሎት ኣብ ዳሕራይ ግዝ ክሓትትን ክረክብን ከም ዝኽእል ግለፅሉ። እንተ ደኣ ኣገልግሎታት ግዝያዊ፣ ተንቀሳቀሲ ወይ ንሓፂር ግዘይዝፀንሕ ኣገልግሎትን  እዞም ኣገልግሎታት ቀፃልነቶም ደው ዝብለሉ ግዘን ሓበሬታ ይሃቡ።

# ንግዳያት ጥቕዓት በቲ ዝሓተተዎ መሰረት ድጋፍ ክህቡ ዝኽእሉ ኣገልግሎት ወሃብቲ እነመን እዮም?

# ናይ ሓበሬታ ወረቐት

ኣብ ከባቢኻ/ኺ ንዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንዚ ሓበሬታ ብምፅሓፍ ኣብ ቀረባ ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ኣቐምጥ/ጢ ከም ምናልባት ኣገባባዊ ኣወሃህባ ኣገልግሎቶም ክቐይሩ ስለዝኽእሉን ናበ ካሊእ ክሰጋገሩ ስለዝኽእሉን እዚ ወረቀት በብእዋኑ ይተሓደስ

ንዚ ንምምማይ ምስ ጂቢቪ ክኢላ፣ ናትካ/ኪ መራሕቲ ጉጅለን መሻርክትን ፣ሲፒ-ጂበቪ ኤኦኣር ን ምግላጽ (1) ናይ ሰብኣዊ ድጋፍ ኣገልገሎት ዝቐርቡ መዳርግቲ ኣካላትን (2) ብመንግስቲ ዝርከብ ኣገልገሎት

(3) ማሕበረሰብ ተኮር ኣገልገሎት ወሃብቲ ንኣብነት ሃይማኖታውያን ጉጅለ/ ቦታ መፀለዪ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምራሕ ጉጅለ፣ ንመንእሰያት ኣተኩሮት ዝገበሩ ጉጅለታት፣ ናይ ኣካል ጉድኣት ውድባት ወዘተ.

እዞም ኣገልግሎታት ብከመይ ከም ትረኽቦም፣ ናበይ ምኻድ ከምዘለዎም ፣ ንመን ትዛረብ ን መን ኢዩ ክረኽቦም/ ዘይክረኽቦምን ይኽእል(ንኣብነት ጥራይ ደቂ ኣንስትዮ፣ኣድላዪ ሰነድ፣ወዘተ.)ኣገዳሲ ሓበሬታ ፀሓፍ

## ናይ ቀበሌ ወይ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃውንትን መንእሰያትን

ሓበሬታ: ______________________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______________________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______________________________

## ምክልኻል ህጣውንቲ

ሓበሬታ: ______________________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______________________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______________________________

## ናይ ኣእምሮ ጥዕናዊ ደገፍ/ማሕበራዊ ደገፍ

ሓበሬታ: ______________________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______________________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______________________________

## ጥዕና

ሓበሬታ: ______________________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______________________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______________________________

## ወሲብን ጥዕናዊ መፍረ

ሓበሬታ: ______________________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______________________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______________________________

## ናይ ዓመፅ ሕክምናዊ ኣተሓሕዛ

ሓበሬታ: ______________________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______________________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______________________________

## ኣብ ቀበሌ/ወረዳ ፖሊስ ፅ/ቤት፡

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## መግቢ ዘይኮነ ነገራት/መሕጸቢ፣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፅርየት መሐለዊ ናውቲ የጠቓልል

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## መፅለሊ (ንኣብነት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ)

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## ናይ ሕጊ

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## መግብን ስርዓት ኣማጋግባን

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## ናይ ህፃውንቲ/መናእሰያት/ቤተሰብ ዝቐረቡ ኣገልግሎታት

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## ናይ ኣካል ጉድኣት ዘለዎም ሰባት ኣገልግሎት

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## ንናይ ተመሳሳሊ ፆታ ርክብ (ኤልጂቢቲ) + ሰባት ዝቐረቡ ኣገልግሎታት

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

## ኣገልግሎት ብህፃውንቲ ቆልዑ ወይከዓ ብደቂ ኣንስትዮ ንዝመራሕ ስድራ

ሓበሬታ: ____________________

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ____________________

ቁጽሪ ቴሌፎን: ____________________

### ናይ ፆታዊ ኣድልዎን ጥቑዓትን ናይ ትካልኩም ናይ ትኹረት ነጥብታት

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

### መነባብሮን ቁጠባን

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

### ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

### ካልእ 1:

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

### ካልእ 2 :

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

## ክልላዊ ኣገልግሎታት

እዞም ኣገልግሎታት ዝርከቡ ኣብ ብዙሓት ርእሲ ከተማታት ክልል ይርከቡ። ህልው ኩነታት ንምርዳእ ምስ ናይ ክልል ቤት ጽሕፈት ደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃናትን መንእሰያትን ምዝርራብ።

### ኩሉ ኣብ ሓደ ማእኸል ዝርከበሉ መርበብ

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

### ክልላዊ ህጹጽ መስመር/ሓገዝ መስመር ን ጂቢቪ ግብረ-መልሲ

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ቁጽሪ ቴሌፎን: ______

## ሃገራዊ ጂቢቪ ህጹጽ መስመር

### ሃገራዊ ደረጃ ህጹጽ መስመር

ሓበሬታ: ______

ናይ ትኹረት ነጥብታት: ______

ህጹጽ መስመር: ______

# ኣብዚ ኩነታት ብኸመይ ክሰርሕ ይግብኣኒ?

እቶም ቀንዲ ዝግበሩን ዘይግበሩን እንታይ እዮም?

# ዝግበርን ፣ ዘይግበርን እንታይ ትብልን

ርእ

## ዝስዕቡ ግበር

ግበር እቲ ግዳይ ክመፀካ/ክትመፀከካ ፍቐድ። ድልየቶም ስምዓዮም/ስምዕዮም።

ግበር ምስ ዝኮነ መሰረታዊ ህፁፅ ድልየት ንስኻ/ኺ ብኸመይ ክትድግፍ ትክእል መጀመርያ ሕተት። ገለ ግዳያት ምናልባት ቀልጡፍ ሕክመናዊ ክንክን ወይ ክዳውንቲ ስለዘድልዮም።

ግበር ኣብዚ ዘሎ ናይ ሕጂ ቦታኻ ነቲ ግዳይ እንተ ጷኣ ንሱ/ሳ ምቾት ተሰሚዕዎ/ዋ ከዛረበካ ሕተቶ/ሕተቲ።

ግበር እንተ ጷኣ ግዳይ ብሰብ ተሰንዩ ኾይኑ፣ እቲ ግዳይ ብዛዕባ ተመክርኡ ኣብ ቅድሚ እቲ ሰብ ክዛረብ ውሑስ ኢዩ ኢልካ ኣይትሕሰብ።

ግበር ከም ማይ ፣ ብሕት ዝበለ ኮፍ መበሊ ቦታ፣ ሶፍቲ ንገፅ መፅረገን ወዘተ. ዝመሰሉ ተግባራዊ ደገፋት ኣቐርብ

ግበር ብዝተካእለካ መጠን ነቲ ግዳይ ንሳ/ሱ ምቾት ዝስምዖ/ዓ ትርጉም ን/ ደገፍክ ዝህብ ሰብ እንተ ጷኣ ኣድልዩ ሕተት።

## ኣይትግበር

ኣይትግበር ሓደ ሰብ ናባካ ዝመፀን ዘካፈለካ እቲ ንሱ / ሳ ኣጋጢምዎ ዘሎ ገለ ሕማቕ፣ ገለ ዘይ ምቹኡነት፣ ገለ ዝኮነ ነገር ተሎን/ወይ ጎነጽ ማህሰይቲ ዕሽሽ ዘይምባል።

ኣይትግበር ብድፍረት ሓይላዊ ሓገዝ ብምግባር ንግዳያት ንምሕጋዝ ዘይምፍታን።

ኣይትግበር ብርቱዕ ግብረ መልሲ ኣይትሃብ። ህድእ በል!

ኣይትግበር እቲ ግዳይ ንከካፍል ካብ ዝደልዮ ሓበሬታ ንላዕሊ ንሳ/ሱ ምቾት ካብ ዝህቦ ንላዕሊ ንክዛረብን ከካፍለካ/ኪ ፀቕጢዘይምፍጣር። እቲ ዝርዝር እንታይ ከም ዘጋጠመን ብ መንን እዩ እቲ ኣገዳሲ ወይ ተዛማዲ ናትካ ተራ ኣብ ምስማዕ ን ምቕራብ ሓበሬታ ኣብኣገለግሎታትን ዝርከቡሉ ይኹን።

ኣይትግበር እቲ ግዳይ እንተ ጷኣ ናይ ጂቢቪ ተመክሮ፣ ተዓሚፃ/ፁ ነይሩ፣ ጥቕዓት በፂሕዎ/ዋ እንተ ነይሩ ወዘተ ዘይምሕታት።

## ኣብነታት እንታይ ከምትብል ...

"ኣብ ብርቱዕ ቃንዛ ዘለኻ/ኺ ትመስል/ሊ፣ ናብ መደበር ጥዕና ዶ ክትከይድ/ዲ ትደሊ/ልዪ?"

"እዚ ቦታ ፅቡቕ ስምዒት ዶ ይህበካ/ኪ? ፅቡቕምቾት ዝህበካ/ኪ ንዓካ ዝሓሸ ኮይኑ ዝስመዐካ/ኪ ካልእ ቦታ ኣሎ ዶ? ኣብዚ ኮይንና ንምዝርራብ ምቾት ይስመዐኩም ዶ? "

"ማይ ወይ ካልእ ዝስተ ትደሊ? ኣጆኻ/ኺ ነጻነት ይሰማዕካ/ኪ ኮፍ ክትብል ትክእል ኢኻ/ኺ። "

# ዝግበርን፣ዘይግበርን እንታይ ትብልን

ስማዕ

## ግበር

ግበር ዝኮነ ዝተካፈልካዮ ሓበሬታ ብምስጢር ሓዝ እንተ ደኣ ምክሪ መምርሕን ክትረክብ ደሊካ ኣብ ብከመይ ዘበለፀ ክትድግፍ ከም ትኽእል ምስ በዓል ሞያ ንምዝርራብ እንተደሊኻ ናይቲ ግዳይ ፍቓድ ክትረክብ ሕተት። እዚ ናይቲ ግዳይ ውልቃዊ መንነት ብዘይግላፅ ግበሮ ።

ግበር ዝኣብ ናትካ ምስጢራውነት ሕጽረት እንተ ደኣ ተረኪቡ ኣብ ትሕዝቶካ ተቖጻጸር።ግበር ትጽቢታት ኣብ ናትካ ተራ ተቛጻጸር።

ግበር ኣብ ናትካ ግዴ ስራሕ ትፅቢታት ተቛፃፀር።

ግበር ዝያዳ ካብ ምዝራብ ብዙሕ ምስማዕ።

ግበር ገለ ናይ ምድዕዓስን ደገፍንቃላት ንምትብባዕ ምጥቃምን እቲ ዘጋጠሞም ፀገመ ናቶም ጌጋ ከም ዘይነበረ ንገሮም።

## ኣይትግበር

ኣይትግበር ምፅሓፍ፣ ስእሊ ናይ ግዳይ ምውሳድ ፣ ኣብ ቴለፎንካ እቲ ዝርርብ ምምላእ ዘይ ምግባርን ፣ ንካልኦት ማዕኸናት ዜና ሓዊስካ ሓበሬታ ዘይምትሕልላፍ።

ኣይትግበር ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ሕቶ ዘይምሕታት። ኣብ ክንድኡ፣ እንታይ ክትገብር ን ክትሕግዝ ከምትኽእል ስማዕን ሕሰብን።

ኣይትግበር ኣብ መንጎ ናይ ሓደ ሰብ ተመክሮን ንካልእ ሰብ ዘጋጠመን ነገር ኣይተወዳድር። እቲ ኩነታት ዓቢ ነገር ከም ዘይኮነ ወይ ዘይኣገዳሲ ከምዘይኮነ ጌርካ ኣይትዛረብ። እንታይ ኢዩ እቲ ኣገዳሲ ከመይ ይስምዖ እቲ ግዳይ ብዛዕባ ናታቶም ተመክሮ ጥራሕ ስማዕ።

ኣይትግበር ጥርጣረ ወይ ኣንጻራውነት ሓደ ሰብ እንታይ ከምዝበለካ ሓሲብካ ምቅዋምን ኣይከኣልን ። ናትካ ግደ ዘክር ብዘይ ፍርዲ ምስማዕን ኣገልግሎታት ዝርከብ ዝርከቡሉ ኩነታት ሓበሬታ ምቕራብን እዩ።

## ንኣብነት እንታይ ከምትብል ...

"ብከመይ ክሕግዘካ ይክእል?"

"ኩሉ ነገር እቲ ንሕና ብሓንሳብ ንዛረቦ ኣብ መንጎና ኢዩ ዝተርፍ። ብዘይናትካ ፍቓድ ዝኮነ ነገር ኣየካፍልን እየ ። "

"ብዘተካእለኒ ክሕግዘካ ከፍትን ኢየ ግን ኣማኻሪ ስነ ልቦና ኣይኮንኩን። "ንዓኻ ዝግብር ድጋፍ ብዝምልከት ዘለኒ ዝኾነ ሓበሬታ ከካፍለካ ይክእል ኢየ ። "

"ሓደራ ነዓይ ከተካፍሎ ትደሊ ዝኾነ ሓሳብ ኣካፍለኒ። ኣነ ብዛዕባ ንዓኻ ክግበር ዝግብኦ ደገፋዊ ኣገልግሎት ምእንቲ ከቕርበልካ ሓበሬታ ጥራሕ እምበር ሙሉእ ተሞክሮኻ ክትነግረኒ ኣየድልየካን። "

"ይቕሬታ እዚ ፀገመ ስለዘጋጠመካ እሓዝን።"

"እቲ ዘጋጠመ ፀገመ ናትካ ጌጋ ኣይነበረን።"

# መራኸቢታት

## ግበር

ግበር እቲ/ታ ግዳይ ናታቶም ውሳነ ክወስኑ መሰሎም ኣኽብር።

ግበር ብዛዕባ ፆታዊ ጥቕዓት ዋላ ፍልጠት ኣይሃልይኻን ኪኢላ ጂቢቪ ኣገልግሎት እንተ ዘይኮንካ እውን ብዛዕባ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ሃብ።

ግበር ንነቲ ግዳይ እቲ ንሱ/ሳ ሕጂ ወሳነ ክውስኑ ከምዘይግደዱ፣ ንሳ/ሱ ሓሳብ ክቕይር ከምዝኽእሉን እዞም ኣገልግሎታት ምርካብ ኣበ ዝደለይዎ እዋን ከም ዝረኽቡን ፣ ናብ ዝኮነ ካልእ ክኣምኖ ዝክእል ኣካል ክይዶም ድጋፍ ከምዝረኽቡን ንገሮም።

ግበር እንተ ንስካ ውሕስነት ተሰሚዑካ ነቲ ግዳይ ምስ ሓደ ሰብ ንሱ/ሳ ዝኣምኖ ክራኸብ ቴሌፎንካ ወይ መዛራረቢ መሳርሒኻ ቀርብ።

ግበር ቅድሚ ዝኮነ ስጉምቲ ምውሳድካ ካብ እቲ ግዳይ ፍቓድ ሕተት።

ግበር እቲ ዝርርብ ብድጋፍ ወድኣዮ።

## ኣይትግበር

ኣይትግበር ናትካ ክእለት ምግናን ፣ ናይ ሓሶት መብፅዓ ምእታውን ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምቅራብ ።

ኣይትግበር ናናትካ ምኽሪ ወይ ርእይቶ ኣይተቕርብ ወይ ኣብ ቀፀሊ እንታይ ስጉምቲ ክውሰድንክትግብርን ከምዘለዎ ሓሳብ ኣይትሃብ።

ኣይትግበር ንሓደ ሰብ እንታይ ከምዝደሊ ወይ ዘድልዮ ናትካ ግምት ኣይትግለፅ። ገለ ስጉምታት ምናልባት ሓደ ሰብ ዝያዳ ሓደጋ ፍንፈና ተነፅሎ፣ ሕነ ምፍዳይ፣ ወይ መጉዳእቲ ከጋልፅዎ ስለዝኽእሉ።

ኣይትግበር ብዛዕባ ሓደ ሰብ ወይ ናታቶም ተመክሮ ግምት ምሃብን ብዝኾነ ምኽንያታት ብዛዕባ ዕድመ፣ ደረጃ መርዓ፣ ኣካል ጉድኣት፣ ሃይማኖት፣ ብሄር፣ ወሲባዊ ዝንባለን፣ ፆታዊ መንነት፣ መንነት ናይቲ ገበነኛ ወዘተ ኣድልዎ ኣይትግበር።

ኣይትግበር ኣብ መንጎ ጂቢቪ ዘጋነፎ ሓደ ሰብን ዝኮነ ካልእ ሰብ(ንኣብነት ገበነኛ፣ወይ ዝኮነ ሳልሳይ ኣካል ንኣብነት ኣባላት ስድራቤት፣ ኣባላት ሽማግለ ማሕበረሰብ፣ መራሕቲ ማሕበረሰብ ወዘተ።) ሰላም ክትገብር ምፍታን,ክተትዓርቕ ወይ ክትፈትሕ እቲ ኩነታት

ኣይትግበር ወልቃዊ መንነት ናይቲ ግዳይ ምስ ዝኮነ ሰብን እቲ ዝርዝር ጉዳይን ምክፋል ። እዚ ኣባላት ስድራቤት እቲ ግዳይ፣ፖሊስ/ሓይሊ ጸጥታ፣ መራሕቲ ማሕበረሰብ፣ መሳራሕቲ፣ ተቆጻጻርቲ ወዘተ ሓበሬታ ምክፋል ዘጠቃለለን እዚ ነቲ ግዳይ ናብ ዝያዳ መጉዳእቲ ክመርሖ ስለዝኽእል እዩ።

ኣይትግበር እቲ ዝርርብ ድሕሪ ምውዳእካ እቲ ግዳይ ምርካብ ወይ ብዛዕባ ምሕታት።

# መራኸቢታት (ደቐጽል)

## ኣብነታት እንታይ ከምትብል ...

“ዝርርብና ኣብ መንጎና እዩ ዝተርፍ። "

“ኣነ ኣማካሪት ኣይኮንኩን ግን, እቲ ዘለኒ ሓበሬታ ክቕርበልካ ይክእል ኢየ። ገለ ሰባት / ውድባት ኣለዉ ነዓካ / ወይ ስድራቤትካ ምናልባት ክቕርቡልካ ዝክእሉ ገለ ደገፍ ስለ ዝህሉ ብዛዕቦም ክትፈልጥ ምደለካ ዶ? “

“ዝርዝር ናይቲ ኣገልገሎት ዘጠቓለለ እቲ ቦታ፣ እቲ ኣገልግሎት ዝከፈተሉ ግዜ፣ እቲ ዋጋ (እንተ ደኣ ዝርከብ ኮይኑ)፣ ኣማራፂታት መጓዓዝያን እቲ ስሙ ንመን ከምትዛረብ ፣ ኣብዚ እንሃለና ሓበሬታ ክትረክብ ከም ትኽእል ።”

“ ንስካ ክትኣምኖ ዝኮነ ሰብ ኣሎ ዶ ምስኡ ክትከይድ ትክእል ንደገፈ፣ ምናልባት ኣባል ስድራቤት ወይ መሓዛ? ኣብ ዚ ሕጂ ሰዓት ንዝኮነ ሰብ ክትድውለሉ ቴለፎነይ ክጥቀም ትደሊ ዲካ? “

“ናብቲ ዝቕጽል መስርሕ ምስ እንመጽእ፣ እንታይ ትደሊን ፣ ዝያዳ ምቾት ዝስመዓካ ምስቲ ኣገዳሲ ኩነታት ኣብ ግምት ምእታው።”

“ሕጂ ዝኮነ ውሳነ ክትወስን ፀቕጢ ኣይሰማዕኻ። ብዛዕባ ኩሉ ነገራት ክትሓስብን ኣብ መፃኢ ግዘ ሓሳብካ ክትቕይር ትኽእል ኢኻ። “

“እቲ ኩነታት ንምፍታሕ ነዓካ ወኪል ንዝኮነ ሰብ ክዛርብ ክፍትን ኣይክእልን ኢየ ። ግን ኣብ ግዘ ዝርርብና ምስማዕን ንናትካ ስክፍታታት መፍትሒ ክገብርን ክድግፈካ ይኽእል ። “

“ካብዚ ቐፀሉ ብከመይ ክክይድ ከም ትደሊ ትለሚ ዘለካ ኢኻ ትመስል። እዚ ኣወንታዊ ስጉምቲ እዩ። “

> "ካብዚ ኒኒዮ ብከመይ ክክይድ ከም ትደሊ ዝተለምካ ኢካ ትመስል። እዚ ኣወንታዊ ስጉምቲ እዩ። "

ነዚ መስርሕ
እንተ
መ
ኣእምሮዊ፡

በከመይ የከይዱ?
ይ እዮም እቶም
ምርሒታት፤ ንሰነ
ቀዳማይ ረድኤት
ድጋፍ ንምሃብ?

# መስርሕ ብመስርሕ መምሪሒ ኣጠማምታ ናይቲ ግዳይ:

## ጥቕምታትን ሓደጋታትን ሓገዝ ንምድላይ

ምድላይ ኣገልግሎት ኩሉ ግዜ ውሑስ ኣይኮነን ንግዳይ ንዝያዳ መጕዳእቲ ክመርሕ ይክእል። እቲ ናትካ ተራ ንምቅራብ ንፁር, ዝተሓደሰ ሓበሬታ ኣብ ዝርከብ ኣገልግሎታተ ን ምፍላጥ እቲ ግዳይ ናቱ ምርጫ ክገብር ኣብ እቲ ንዖኦም ወሕስነት ዝስምዖም ምኺኑ ዘክር። ኣብ ግምት ይእቱ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ጥቕሚታት ወይ ሓደጋታታ:

### ሓደጋታት ደገፍ ምድላይ

ናይቲ ግዳይ መሓዙት፣ ስድራቤት ን / ወይ ማሕበረሰብን ከፈልጡ ኢዮም፣ እዚ ከመርሕ ይክእል ናብ ኣበር ምውጻእ / ውርደት፣ ካብ ገዝኦም ምስጋግ ወይ ማሕበረሰብን

/ ወይ ምቕላዕ ተክእሎታት ናብ ዝያዳ ጎንፂ ክዓቢ ይኽእል።

ተክእሎታት እቶም ገበነኛታት እንታይ ከምዘጋጠመ ካልኦት ሰባት ከይፈልጡ ፣ናብ ሕነ ምፍዳይ ይመርሕ ነቲ ግዳይ ብምጕዳእ ወይ ምቅታል ።

ተክእሎታት ቀረብቲ ኣገልግሎታት እንተ ዳኣ ተራእዮም ንሳቶም ክሕግዙ ምፍርራሕን ጎነጽን በቲ ገበነኛ ወይ ማሕበረሰብ ክቃልዑን ።

ተክእሎ ብ ወገንቀራቢ ኣገልግሎት እንተ ደኣ ጥዑይ ጌሮም ዘይስልጠኑ ዘይተነቃፋዊ ግብረመልሲ ክህቡ ይኽእሉ።

### ረብሓታት / ጥቅሚ ደገፍ ምድላይ

ኣብ ግዘ ሽግር/ስቃይ ደገፍ ን ሂወት ምድሓን ምርካብ።

ንኤችኣይቪ ን ዘይተደልየን ጥንስን ሞያዊ ሕክምናዊ ክንክን ብግቡእ ኣብ ግዚኡ ውሕስነት፣ምስጢራውነት ምርካብ ይከላከል ።

ምርካብ ካልእ ኣገልግሎት ዝቕረብ ዝያዳ ክብርን ምቹኡነትን፣ ዘጠቃልለ ምርጫ ንውሕሱነትን ስነ ኣእሙራዊ ደገፍ።

ደገፍ ምርካብ ምናልባት ዝያዳ ግህሰት/ጎነፅን ምግጣም ይከላኸል ።

## I ወሲባዊ ምዝመዛ / ድፊኢት ን ዓመጽን ብ ሰብኣውያን ተዋሳኢ ወይ ገበርቲ ሰናይ ዝተኣሳሰር ምስ ሰብኣውያን ተሓጋገዝቲ

ምክልካል ወሲባዊ ምዝመዛ / ድፊኢትን ዓመጽን (ፒኤስኢኤ) ስያመ መወከሲ ተጠቂምካ ነዞም ደረጃታት ን ምክልካል ተጋለጽቲ ወሲባዊ ምዝመዛ /ድፍኢትን ዓመፅን ብሰብኣውያን ተዋሳእቲ ን ዝተሓሓዙ ሰራሕተኛታት ዘጠቃልለ ሰብኣውያን ተሓጋገዝቲ ሰራሕተኛታት፣ቮለንተኛታት፣ሓለውቲ ውሕስነት፣ ኮኦንትራክተራት፣ ኣውቲስታታት፣ናይ ዩኤን ተላኣከቲ ሰራሕተኛታት፣ናይ ዩኤን ፖሊስ ሰራሕተኛታት፣ ገበርቲ ሰላም፣ኣብጻሕቲ / ሸየጥቲ ኣቑሑን ኣገልግሎት ንሰብኣዊ ዕላማ ን ካልእን።

እቲ ገበነኛ መን ኢዩ ብዘየገድስ እቲ ካርታ መንገዲ ን ምድጋፍ ዝኮነ ግዳይ ናይ ጂቢቪ ትልሚ ኣብዚ ጸጋታት ተመሳሳል ኢዩ ዝጸንሕ። ንተወሳኪ እቲ ገበነኛ ተሓጋዚ ሰራሕተና ወይዝወስክ ሓላፍነታት ኣብ ዝተሓሓዝ ምስ ሰብኣውያን ተሓጋገዝቲ፣ ተራከብ ምስ ናትካ ፐሲኢኤ መትከራዊ ነቁጣ ወይ ኣብቲ ሃገር ፒኤስኢኤ መራከቢ/መርበብ።

## መድላው፡

### ምድላው መፍትሕ ኢዩ።

ወላ ብዘይ ጂቢቪ ተዋሰኣይ ( ዘጠቃለለ መወከሲ መንገዲ ውይ ጀቢቪ መተኮራዊ ናቑጣ) ኣብ ከባቢካ ዝርከብ ምናልባት ናይ ሓደ ሰብ ድልየታት ንኣድራሻ ካልኦት ኣገልግሎታት ዘጠቃልል ኣብ ከባብያዊ /ማሕበረሰባዊ ደረጃ እዚ ሓጋዚ ክከውን የክእል። ካብቲ ተሓስበ ንላዕሊ ብዛዕባ ኣገልግሎታት ትፈልጥ ትከዉን ኢካ!

### ኣፈልጦ ይሃሉካ ብዛዕባ እቲ ዝርከብ ኣገልግሎታት

ብዛዕብ ዝርከብ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ንክትረክብ ናይቲ ወረቀት (ገጽ 5ን6) ተጠቀም። ምስ ናትካ ኪኢላ ጂቢቪ፣ መራሕቲ ጉጅለ፣ መሳርሕቲን ካልኦት መሻርክቲታት ስራሕ።

ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ መርከቢ ናይቶም ኣገልግሎታትዘጠቓልለ፣ ናበይ ትከይድ፣ ንመን ትዛረብ፣ መን ክረክብ/ዘይክረክብ ዝክእል ነዐኦም(ንኣብነት፣ ጥራይ ደቂ ኣንስትዮ ዘድሊ ሰነድ ወዘተ።) ፅሓፍ።

ብዛዕባ እቲ ፕረተኮል ን ምክልካል ወሲባዊ ድፌኢትን ዓመጽን ንመራሕቲ ጉጅለ ናትካ, ኣመሓደርቲ ፕሮግራም ን / ወይ ጉጅለ / ጠርነፍቲ ሕተት ። ምናልባት ናትካ ወከልቲ ዘይመስረቱ ክከኑ ይክእሉ ፕረተኮል ን ፒሲኢኤ, ናብ ፒኤስኢኤ መተኮራዊ ነቁጣ ተራከብ መምርሒ ኣብ ናትካ ዙርያ።

### ምልምማድ ዝበለጸ ይገብረካ

ኣብ ገጽ 7-10 ዘሎ መርኣዩ ጽሑፍ ምስ መሳርሕትካ ን መሓዝቱካን ዓው ኢልካ ተለማመድ ወይ ምቾው ኹን ። ንስካ ዝያዳ ተትላማሚድካ, እቲ ዝያዳ ምቹኡነት ይስምዓካ እንተ ደኣ እቲ ግዳይ ናይ ጂቢቪ ሓገዝካ ደልዩ ኣየ ክትፅገምን።

ተጠቃሚ ምክሪ እዞም ጹሑፋትን ማንዋልን ዝያዳ ሓበሬታ ብከመይ ኣሕልፍን ንስካ ክትስልጥን  ትክእልን / ተለማመድ ።

እዚ ሓፂር መምርሒ መፅሓፍ ንዝኮነ  ከቢድ ግዘ ዘሐልፍ ዘሎሰብ ሓጋዚ ኢዩ። ኣብ ቀፃሊ ግዘ ናትካ መሳርሕትካ ወይ መሓዙትካ ናባካ ንደገፍ ወይ ምክሪ መፂኡ፣ ምልምማድ እዞም ሕቶታትን መግለጽታት ኣብዚ ጸጋታት ክረኽቦም ይኽእል እዩ።

## ረኣ

### ኣብ ሓደ ሰብ ዘካፈለካ ናታቶም ተመክሮ ኣብ ጾታ እተመስረተ ዓመጽ ንዓካ . . .

### ንባዓልኻ ኣላልይ።

ሽምካ ስራሕኻ መንነትኻን፣ መን ምኻንካ ኣላሊ።  ንስካ ብከመይ ክትሕግዝ ከም ትኽእል ትኽእል ሕተት።

### ንህፁፅ መሰረታዊ ድልየታት መፍትሒ ሃብ

ነፍስ ወከፍ ሰብ ዝተፋላለየ መሰረታዊ ድልየታት ክህልዎ ይኽእል እዚ ምናልባት ህፁፅ ሕክምናዊ ክንክንቲ ዘጠቃለለ፧ማይ፧ኣፍቃሪካ ምርካብ፧ ኮበርታ ወይ ክዳውንቲ እንተ ደኣ ጠፊኡ፧ተቀዲዱ፧ ተፀይቁ ወይ ተኣልዩ። ብፍላይ ን ጂቢቪ ግዳያት ምቹኡነት ክብርን ንክስምዖ ዝያዳ ክዳውንቲ ነዖኦም ህጹጽ ምናልባት ቀዳማይን ዘድልዮምን ክኸውን ይኽእል።

እቲ ግዳይ ነንሳ/ሱ ብዛዕባ ተሰምዖ ከም ዝነግረካ ግበር ከመይ  ናቶም ድሕነት። ኣብ ዝረኣካዮ ተመሪኩስካ ወልቃዊ ወሕስነትን ይከውን ኢልካ ከይትሓስብ ተጠነቀቐ።

### ሰባት ድጋፍ ንምርካብ ብዝተፈላለየ መንገዲ ከም ዝመፁ ንቕሓት ይሃልይካ

 ሰባት ኣብ ዝኮነ ዓይነት ስሚዒቶም ክገልጹ ኣፍቅድ ። ሰባት ንፀቅጥን ቅልውላውብዙሕ ግብረመልሲ ኣለዎም ። ገለ ሰባት ምናልባት ስቅ ይብሉ ን ምዝራብ ይስእኑ፣ሕርቃን፣ ምጭዳር፣ ንነብሶም ምንካስ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠሞም፣ ምብካይ፣ ጎነጽን ካልእን

# ረአ (መቐፀልታ)

ናይ ኣካል ጉድኣት ዘለዎም ሰባት፣ ካልእ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰባትን ካልእ ዝተፈላለየ ተመክሮን ዕንቅፋት ዘለዎምን ብምክባር ናብ እቲ ማእከል -ግዳይ ንክበጽሑ ን ደገፍ፡

ነዞም ወልቀሰባት ብከመይ መንገዲ ንክትሰምዕ ንክትድግፍን ስርዓትን ምስጢራውነት ሓሉ ። ወላ እንተ ደኣ ንስካ ክትርዶኦ እንተዘይኪኢልካ ንስካ ኩሉ ግዝየ ከተርኢ ትክእል ክንክን ድጋፍን ጥራሕ ይኹን ።

ብፍላይ ኣብ ትሕዝቶ ኣብ ኣንስቲን/ወይ ኣዋልድ እቲ ባህሊ ምስ ወዲ ተባዕታይ ክትራከብ ዘየፍቅድ እንድር ኮይኑ ኣባላት ደቂ ኣንስትዮ ኣባላትካ ከም ዘለዋ ኣረጋግፅ ድጋፍ ብምቕራብ ደገፍ ።

## እንታይ ክትገብር ን ዘይትገብርን ትክእል ዘክር

ገለ ኩነታት ካብ ዓቕምካ ንላዕሊ ዝያዳ ኪኢላን ድጋፍን ይጠልብ ፤ ንኣብነት ኩነታት ቀልዑ ዘሳተፈ ግድነታዊ ፀብፃብ፣ 3ምንፅልላው ሓደጋ ነቲ ግዳይ ፤ ወይ እቲ ግዳይ ንነብሶም ወይ ኣብ ካልኦት ክጎድኡ። ምናልባት ካልእ ናይ ትኹረት ነጥብታት

ኣብዚ ኩነታት ምስ ዘሓሸ ደገፍ ኣብዚ ክህቡ ዝኽእሉ የሕልፍ ። ናትካ ሓበሬታ ወረቐት ገጽ 5ን 6ን ተወከስ

ዘክር እንተ ዳኣ ደገፍ ክትሓትት ደሊካ ካብ ተቆጻጻሪ ወይ ካልኦት ሰብኣውያን ኪኢላታት ኩሉ ግዘ መጀመርያ ካብቲ ግዳይ ቅድም ፍቃድ ሕተት።

ነቲ ግዳይ ንመን ከዘራርብ ከምዘደለካን፣ ስለምንታይ ንስካ ከዘራርቦም ከምዘደለካ ነዖኦም ንምንታይ ሓበሬታ ንስካ ከተካፍል ደሊካ ንገሮ ። እንተ ደኣ እቲ ግዳይ ፅቡቐ ስምዒት ዘይተሰምዖ ወይ ኣብዩ ምክፋል ናቱ,  እዞም ናውቲ ሓፂር መምርሒ ሓበሬታ ተጠቂምካ ብዝበለፀ ንስኻ ሓግዞም።

3 ገለ ትሕዝቶ ኣለዉ ምስ ግድን ርግፅ ክፋል ናይ ፀብፃብ ሕጊ ዝዛመድ ጉዳያት። ናብ ናትካ ቀጥዒ መትኮራዊ ነቁጣ ን/ወይ ጂቢቪ ኪኢላ ንዝያዳ ሓበሬታን መምርሕን የሕልፍ ።

# ስማዕ

ናይቲ ግዳይ መሰረታዊ ዘድልዮ ከምዝረከበ ድሕሪ ምርግጋጽካ ንሳ/ሱ ኣብ ቅልጡፍ ፀገም ከምዘይብሎም ኣረጋግፅካ ስማዕ።

እቲ ግዳይ ምናልባት ብጣዕሚ ተረቢሹን/ተደናጊሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ግን ከም ሓጋዚ ህድእ ክትብል ብዝካእለ መጠን ኣገዳሲ ድጋፍ ምሃብ።  እቲ ውልቀሰብ ብዝተካእለ መጠን ወይ ወሑድ ሓበሬታ ከምቲ ንሳ/ሱ ዝደለዩ ከካፍል ኣፍቅድ። እቲ ወልቀ ሰብ ናብ ኣገልግሎት ክትወስድ ግበር ዝርዝር ቃለ መሕተት ምክያድን ብዛዕባ ከም ዘጋጠሞም ፀገም ምክሪ ክትህብ ናትካ ተራ ኣይኮነን። ብዛዕባ እቱ ፀገም ካብ ምሕታት ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ባዕሉ ባዕሉ ንክዛረብብ ዕድል ብምሃብ  ንስካ ብዛዕባ ትፈልጦ ዝርከብ ኣገልግሎት  ኣብ ምቅራብ ሓበሬታ ኣተኩር።

**ንእሸቶ ምክሪ, ብፍላይ እዞም ብ "ስለምንታይ"  ዝጅምሩ ሕቶተታት ምውጋድ ስለምንታይ እዞም ሕቶታት ኣብ ልዕሊ እቲ ግዳይ ወቀሳ/ክሲ ክስምዑዎም ይክእሉ  ። ኣብ ክንድኡ ጥራይ ስማዕ, እንተ ደኣ ሕቶታት ክትሓትት ደሊኻ ንኣብነት በኸምዚ ሕተት**

**"ብዛዕባ ንዓካ ዝድግፉን ኣገልግሎት ክህቡ ዝኽእሉን ክነግረካ/ኪ ትደልዩ ዶ " ወይኣነ ነዓካ ብከመይ ክድግፈካ ትደሊ?**

### ናይ ምስማዕ ሓይሊ:

ሓደ ሓደ ግዝየ ንስካ ምስ ግዳይ ኣብ ፍጹም ኣገልግሎት ዘየለወሉ ወይ ዝርከብ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል እዩ:
: ምናልባት ዓቅሚ ዘይብልካ ኮይኑ ክስመዓኪ/ካ ይኽእል ይከውን። ንስካ ቀኑዕ ክትከውን ምስቲ ግዳይ ምዝካር ትብዓት ናይ ቲ ግዳይንምክፋል ኣገዳሲ እዩ ። ኣብ እዋን ዝርርንኩም ሓቀኛ ኹን ንግዳይ ክብሪ ብምሃብን ክትሕግዞም ብዘይምኽኣልካ ከም ዝሓዘንካን ምግላፅ ኣገዳሲ እዩ። ብኣካል ኣብኡ ምህላውን ብንቑሓት ከም እተዳመፅ ዘለኻ ምርኣይን ንባዕሉ ዓብይ ድጋፍ ኢዩ።

## መራኸቢ

ኣብቲ ዝቅጽል ስጉምቲ እቲ ግዳይ ናቶም ውሳነ ምግባር እንዳደገፍካ…

### ነቲ ግዳይ ንሱ/ሳ ትኣምኖ ዝድግፍ ሓደ ሰብ ምስኦም ክኸይድ ሕተት ።

እንተ ደኣ ናትካ ርእይቶ ኣብዚ ኩነታት ተሓቲትካ ናትካ  ነቲ ግዳይ ናብ መን ትከይድ፣ መዓስን ስለምንታይን ዝብል ውሳነ ንክህብ ምትብባዕ ። ኣብዚ ኩነታት ናትካ ሪኢቶ ኣይትሃብ።

### ዝኮነ ኣገልግሎት  ውይከዓ   ዝያዳ ምቹኡነት ኣማራፂ ንምቕራብ ኣብ ዝርከብ ኣገልግሎት ንፁር ሓበሬታ ንቲ ግዳይ ይሃቡ/የቕርቡ ።

ምድላው መፍትሒ ኢዩ። ናትካ ናይ ሓበሬታ ወረቀትካ ተጠቀም (ገጽ5ን6) ኣብ እቲ ዝርከብ ኣገልግሎታት ን ብከመይ ትረክቦምንዝብል ሓበሬታ ንፁርን እዋናዊን ሓበሬታ ሃብ።

ኣበ ዘሎ ፍሉይ ኣገልግሎት እንተድኣ ዘይኣተኣማማሚንኩም ርግፀኛ ኣይኮንኩን ምባል።

### እቲ ዝርርብብሓልዮት ወድኣዮ።

ምሕላው ምስጢራውነት።

እቲ ግዳይ ዝገብሮ ዝኮነ ውሳነ ብኣወንታዊ ምትብባዕ።

ናትካ ተራ እቲ ግዳይ ምድጋፍ ምኻኑ ኣብ ኣእሙረካ ዓቅበ። ዋላ እንተ ደኣ እቲ ግዳይ ዝኮነ ውሳነን ምርጫን ወላ እንተዘይሃለዎ። ኣብ ዝተደገመ ስብሰባ/ኣኬባ ምስ እቲ ግዳይ ምምካር ወይ ኣብብ እቲ ጉዳይ እቲ ግዳይ ንምምሕዳር ፈተነ ኣይትግበር።

### ድሕሪ ቃል መሕተት

ምንጽብራቅን ነብሶም ምሕላውን: ንስካ ኩሉ ነገር ቀኑዕ ክትገብር ትክእል ግን ከተዐርዮ ኣይትክእልን ናይ ሰብ ተመክሮ ወይ ቃንዛ ካብኦም ክትወስዶ/ክተወግዶ ከምዘይትኽእል ዘክር ። ናይ ካልኦት ሰባት ተመክሮ ምስማዕ ንናቶም ቃንዛ ፣ጓሂ፣ ኣሰቃቒ ተመክሮ -ከምኡ ውን ናብ ስምዒታውን ኣካላዊን ጉድኣት ከቃልዖም ይኽእል እዚ ካልኣዊ ጉድኣት ተባሂሉ ይፍለጥ። ብዛዕባ እዞም ስሚዒተነት ካባካ ኣብ ዝወፅሉ እዋን ንነብስካ ብከመይ ትከናከን ሕሰብ ።  ናብ ናትካ መስርሕ ደገፍ ን መራከቢ ዘጠቃልለ ናትካ መሳርሕቲኪ/ካ፣ መራሕቲ ጉጅለ ወይ ጂቢቪ ኪኢላ ብዛዕባ ምስማዕ ዘስዓቡልካ ስምዒት ክትነግሮምን (ኣብ ኣእሙረካ ዘክር ናይቲ ግዳይ ምስጢራውነት ብዝሓለወ መልክዑ) ሓገዝ ምድላይ።

ዝተወሰኑ ክፋል  ጥቕዓት (ንኣብነት ዘቤታዊ  ጥቕዓት)  ብ ተደጋሚ ክኸሰት ስለ ዝኽእል እቲ ግዳይ መሊ ከጋጥሞ ወየከዓ ብተዳጋጋሚ ከም ዝበፅሖም ክትፈልፅ ትኽእል። ተመክርኦም  ክትቅይር ኣይትክእልን ኢካ ግን እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትገብር ትክእል ኢካ:

ነቲ ግዳይ እንተ ደኣ ቀድሚ ሕጂ ተዛሪብካዮ ኔርካ  እውን ብዘየገድስ ከይፈረድካ ስምዓዮ ።

ናትካ ፕሮግራም በከመይ ከም እተመሓደሸ፣ እቲ ትቅርቦ ኣገልግሎት ውሑስ ምግባር፣ ነቶም ጂቢቪ ተመክሮ ዘለዎም ኣወንታዊ ሃዋህው ንምፍጣር ሕሰብ ።

# እቲ ዝመፀኒ ግዳይ ቆልዓ ወይ መንእሰይ እንተድኣ ኮይኑ እንታይ ክገብር?

# ምድጋፍ ትሕቲ 18 ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑን መንእሰያትን

## ቀንዲ መልእኽቲ

**ኩሉ ግዜ ተዛረብ** ኣብ ናትካ ሃገር/ትሕዝቶ ንጂቢቪ ወይ ምክልካል ቆልዓ ኪኢላ መጀመርያ: (1) እንታይ ኣገልግሎት ይርከብ (2) ኣብ ከባብያዊ ፕረተኮልን ኣሓሰራርሓን ኣዛርብ።4

**ጉድኣት ኣይተስዕብ።** ግዳያት ዝኾኑ ቆልዑ ኣይትድለ። እንተ ደኣ ቆልዓ/በፅሒ ጥቕዓት/ዓመፅ ኣጓኒፉዎ ምምርማር ወይ ምግምጋም ናትካ ስራሕ ኣይኮነን ።

ከምኡ ምግባር  ነቲ ቆልዓ/በፅሒ ናብ ዝያዳ ጥቕዓትነ/ ዓመፅን ሓደጋን  ከመርሕ ይክእል ።

እንተ ደኣ ቆልዓ/በጽሒ ናትካ ሓገዝ ደልዩ ቀሩብ ኩን ።

**ተራካ ዘክር ።** እንተ ደኣ ቆልዓ/

ንኣሽቱ መንእሰያት ሓገዝ ደልዮም ናባካ ዝመፁ

1. ካብ ፍርዲ ነፃ ዝኾነ ሰማዒ እዝኒ ቀርብ።
2. ነቲ ቆልዓ/መንእሰይ ብምርካብ ንድሕንነቶም ውሑስ ዝኾነ ሃሀዋሀው ብምፍጣር ንዕኦም ምስ ዓበይቲ ሰባት ምርኻብ ። እዚ ዓብዩ ሰብ ካብ ወለዲ፣ ናበይቲ ወይ ኣባል ስድራቤት ዘይክከውን ይክእል ኢዩ።
3. ውሳኔ ኣይትግበር ንዑኡ/ኣ, ዘጠቓለለ ምግዳድ ነቲ ናባዩ ናይት ቆልዓ /በጽሒ /ጎርዞ ወይ ዝኾነ ኻልእ ሰብ ምስኦም ክህሉ ኣብ ነሱ/ንሳ ንዓኻ ክዛረቡ ኸለዉ።

**ምቹኡነት ቀርብ።** ኣፍቅድ ነቲ ቆልዓ/በጽሒ ነቲ ዘረባ ክመርሖ, ዋላ እንተድኣ ስቕ ኢልካ ምስናይ/ኮፍ ምባል። ኣብ ዓይኖም ጠምቶም መስ ክፉት ኣካላዊ ቋንቋ ንምርኣይ ነቲ ቆልዓ/በጸሒ /ጎርዞ ንሳቶም ክፉታት ክኾኑ ነዓኻ እንድኣ ንሳ/ሱ

ዝደሊ/ትደሊ። ተቐጠብ ካብ ምሕታት ሕቶታት ብዛዕባ እንታይ ከምዘጋጠመ, ብመንን ስለምንታይን ኣብ ክንድኡ መጸናናዕን መህድእን ቃላት ተጠቀም ብንሳቶም ክርድእዎም ዝኽእሉ ኣገባብ ተዛረቦም።

**ዘክር,** እንተድኣ ጂቢቪ ወይ ተዋስኣይ ምክልኻል ቆልዓ/መመሓላለፊ መንገዲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ, ቀርብ ውሑስን ምስጢራውን ምምሕልላፍ ነቲ ቆልዓ በጽሒ ናብ ክኢላ ንዘሓሸ ሓገዝ ንዖኦም። **ተጠቀም እዞም መምርሒታት ኣብ ጂቢቪ ወይ ምክልኻል ቆልዑ ተዋስኣይ/መመሓላለፊ መንገዲ ,ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ።**

4 ኣማሓላልፍ ናብ ናትካ ጂቢቪ ወይ ምክልኻል ቆልዓ መራኽቦኣዊ ንቑጣ ኣብ ሃገርካ ኣብ ከባቢ ስርዓትን መስርሕን, ዘጠቃለለ:(1) ደረጃታት ኣብ ምስጢራውነት ን (2) ዝተመደብ ጂቢቪ ን ምክልኻል ቆልዑ መራኽቦኣዊ ንቑጣ።

**ንነፍሲ-ወከፍ ቆልዓ ጽቡቕ ተከናከን።**

ኩሎም ቆልዑ ናታቶም ጾታ፣ ዕድመ፣ ስድራቤታዊ ኩነታት፣ ማሕበራዊ ደረጃ ናይ ናበይቶም ወይ ዝኮነ ካልእ ክፋል ናቶም መንነት ብዘየገድስ  ኣድልዎኣዊ ዘይኮነ ደገፍ ብማዕረ ክቕረበሎም ኣለዎ። ናይ ጂቢቪ ተመክሮ ዘለዎ ቆልዓ ተስፋ ከምዘይብሉ ጌርካ ኣይትደግፍ። ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ፍሉይ ዓቕሚ ንሓይልን ኣለዎን ዓቕሚ ናይ መሕዋይ ይውንን። ንግዳይ ዝኮነ ቆልዓ ብመንገዲ ንሳቶም ዝርድእዎን ምስ ምክባር ናቶም ክብርን ርእይቶን ኣዛርብ።

## ምሕላው ምስጢር።

ምስቲ ቆልዓ/በጽሒ ቆልዓ/በፅሒ ኣብ ዝህልወኩም ርክብ ኣይትጽሓፈ፣ ስእሊ ኣይትወሰድ ወይ ሰነድ ኣይትውሰድ ። ቴለፎንካ ወይ ኮምፕዩተር ምናልባት ከም መዝጋቢ ነቲ ዝርርብ ኮይኑ ከይረስ ኣርሒቑካ ኣቐምጥ። ብዛዕባ እቲ ቆልዓ/በጽሒ/ጎርዞ ወይ ናታቶም ተመክሮ ዝኮነ ሓበሬታ ከተካፈ እንተደሊኻ ፍቃድ ሕተት ። እዚ ማለት ዝግበሩን ዘይገበሩን ሓደ ሰብ ብዛዕባ ቆልዓ /በፅሒ ጎርዞ ወይ ናታቶም ተመክሮ ዝኮነ ሓበሬታ ከተካፈ እንተደሊኻ ፍቃድ ሕተት ። እዚ ማለት

ዋላ ምስ ንሶም ዝኣምንዎ ሓደ ሰብ እቲ ቆልዓ/በጽሒ/ጎርዞ ዝገለፅዎ እንተ ደኣ ሓበሬታ ከተካፍል እንተ ደሊኻ ፍቓድ ሕተት።

## ውሕስነት ናይቲ ህጻን ኣረጋግፅ።

ኣካላውን ስምዒታውን ውሕስነት ናይቲ ቆልዓ እቲ ቀዳማይ ስክፍታ እዩ። ውሕስነት ናይቲ ቆልዓ ኣብ ኩሉ ምርካብ ምስኡ/ኣን ኣብ ዝምድና ንዝኮነ ቀጻሊ ዝውሰድ ስጕምትታት ኣብ ግምት ይእተው።

ኣብ ገለ ጕዳያት ምናልባት ዘይንጹሩ **ብከመይ ከም ትድግፍ ,እቲ ዝበለጸ ነቲ ቆልዓ ዝጠቅም**,ከምኡ’ውን ንሱ/ሳ ኣካላውን ኣእምራውን ጥዕና። እንተደኣ ርግጸኛ ተዘይኮይንካ ብዛዕባ ኩነታት,ሓብር ነቲ ቆልዓ ንስካ ብምስጢራውነት ክትዛረብ ከምትደሊ ምስ ካልእ ቀራቢ ኣገልግሎት ወይ ኣባላት ጕጅለ ምናልባት ዝያዳ ኣፍልጦ ኣብ ብከመይ ተረጋግጽ ንዕኡ ወይ ንዓኣ ውሕስነት።

## ቆልዓ / በፅሒታት ወይ ኣለይቶም ከመይ ድጋፍ ከምዘድልዮም ኣፍልጦ ይሃልኻ።

ቆልዑን በጽሒታትን ካብ ዓበይቲ ብዝተፈለየ መንገዲታት ሓገዝ ይደልዩ ፣ ከምኡ ውን ሓሓሊፉ ቀጥታ ምግላፅት ይገብሩ። ቆልዑ ንዓበይቲ ምእማን ወይ ምዝራብ ክኸብዶም ይኽእል እዩ ፣ ብፍላይ ፅቡቐ ጌሮም ዘይፈልጥዎም ዓበይቲ ፣ ፍርሒ ክስምዖም ፣ ሕፍረት ወይ ስክፍታ ፣ ወይ ስምዒታቶም ኣብ ምግላጽ ክፈርሑ ይኽእሉ እዮም። ትኽእል ኢኻ: (1) ብዛዕባ ናይ ቆልዑ በደል ወረ ክትሰምዕ፣ (2) ንቆልዓ ሓገዝ ብዝደልዩ ዓበይቲ ሰባት ክትሕተት ወይ (3) ናይ ቆልዓ ምብዳል ክትጥርጥር፣ ኣብ ምልክታት ወይ ጠባያት ናይቲ ቆልዓ ተመርኲስካ።



# ዝግበሩን ዘይግበሩን

ሓደ ሰብ ብዛዕባ ቆልዓ/በፅሒ እንተ ደኣ ሓገዝ ሓቲቱካ ዝደልዮ...

ነቲ ዝሓተተካ ውልቀ ሰብ ዝርከብ ኣገልግሎት ዝተሓደሰን ንፁርን ሓበሬታ ብምቕራብ ደገፍ።

**ግበር** ኣኽብር ምስጢራውነት።ኣርባዕተ

ነቲ ቆልዓ/በጽሒ መርምራ ወይ ክትረክብ/ቃለ መጠየቅ ኣይትግበር።

**ኣይትግበር** ንስካ ዝፈለጥካዮ/ዝተመሃርካዮን ዝርዝር ምስ ዝኾነ ሰብ ምልዛብ ወይ ምክፋል ።ኣርባዕተ

## ርአ

## እቲ ቆልዓ / በጽሒ ናትካ ሓገዝ እንተደልዩ...

**ግበር** ንምዝራብ ርጉእን ብሕታውን ቦታ ዝደልዩ እንተኾይኑ ነቲ ቆልዓ / በጽሒ ሕተቶ። ካልኦት ክርእዩኻ ዝኽእሉ ቦታ ምዃኑ ኣረጋግጽ ፣ ግን ክሰምዑኻ የብሎምን።

**ግበር** ብዓይኖም ክጥምቱኻ ኣብ ዝኽእሉሉ ደረጃ ኮፍ ምባልካ ኣረጋግጽ። ክፉት ዝኾነ ኣካላዊ ቋንቋ ይሃልካ።

**ግበር** ኣዋልድን ኣወዳትን ምስ ጾትኦም ተመሳሳሊ ምስ ዝኾኑ ዓበይቲ ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ምዝርራብ ይደልዩ እንተኾይኖም ሕተቶም።

ኣይትግበር እቲ ቆልዓ / በጽሒ ናብ ርጉእ ወይ ብሕታዊ ቦታ ኣይትምርሓዮ ወይ ድማ ካብ ድሌቱ ወጻኢ ነቲ ቆልዓ ኣይትነጽሎ።

ኣይትግበር ምትንኻፍ ፣ ምሕቛፍ ወይ ኣካላዊ ምትንኻፍ እዚ ከሰንብዶም ፣ ሕማቕ ክስምዖምን ጭንቀት ክገብረሎም ስለዝኽእል።

## ስማዕ

**ግበር** ብጥንቃቐ ስማዕ ክምኡውን ቃል ዘይብሉ ኣካልዊ ርክብ ትኹረት ግበረሉ።

**ግበር** ዓቃልን ህዱእን ኩን፣ ከይፈርድካ ዝተባህለ ኩሉ ምቕባል።

**ግበር** እቲ ቆልዓ/በጽሒ ገዛእ ርእሶም ንኽገልጹን ናይ ገዛእ ርእሶም ቃላት ክጥቀሙን ፍቐድ።

**ኣይትግበር** ቃለ-መጠይቕ ወይ ገምጋም። ብዛዕባ እቲ ቆልዓ/በጽሒ ወይ ተመኩሮታቶም፣ ዝኾነ ነገር ኣይትጽሓፍ፣ ስእልታት ኣይትውሰድ ወይ ውን ብዘረባ ሓበሬታ ኣይተካፍል።

**ኣይትግበር** ምስድርማም፣ ዘይምእማን፣ ሕርቃን ወይ ውን ነቲ ቆልዓ/በጽሒ ጭንቀት ከስዕበሉ ዝኽእል ዝኾነ ካልእ ግብረመልስታት ኣይተርኢ።

**ኣይትግበር** ዓበይቲ ቓላት ምጥቃም ወይ ካብ እቲ ቆልዓ/በጽሒ ንላዕሊ ምዝራብ።

# ስማዕ

**ግበርነቲ** ቆልዓ/በጽሒ ንሱ/ሳ እንታይ ከምዘጋጠም ንዓኻ ምንጋሮም ደሓን ምዃኑ ደጊምካ ኣረጋግጸሎም።

**ግበርናይቲ** ቆልዓ ርእይቶ፣ እምነታትን ሓሳባትን ኣኽብር።

**ግበርነቲ** ባህላዊ ትሕዝቶ ቅኑዕ ዝኾኑ ምኞት ዝህብ መግለጺታት ምጥቃም…

ኣብነታት የጠቓልሉ፥

“ኣነ እኣምነካ እየ” –ምህናጽ እምነት

““ክትነግረኒ ብምኽኣልካ ባህ ኢሉኒ”” – ምስቲ ቆልዓ ምህናጽ ዝምድና

“ተመኩሮኻ ስለዘካፈልካኒ የቐንየለይ” – ርህራሄ ኣርኢ

“ምሳይ ምዝራብካ ኣዚ ኻ ተባዕ ኢኻ” – ደጊምካ ምርግጋጽን ምብርትታዕን

**ኣይትግበር** ናይ ሓደ ቆልዓ ደሓን-ምዃን ምርግጋጽ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ክሳብ ዘይኮነ ከም “ኩሉ ነገር ደሓን ክኸውን እዩ” ምባል ዝዓይነቶም ክትትግብሮም ዘይትኽእል መብጽዓታት ምስራሕ።

**ኣይትግበር** ንሳ/ሱ እንተድኣ ዘይደልዮም ነቲ ቆልዓ/በጽሒ ምሳኻ ምዝራብ ንኽቕጽሉ ምግዳድ።

# ኣራኸብቲ

**ግበር** እቲ ቆልዓ/በጽሒ ገለ ዝኣምኖ ሰብ እንተሎ ሕተት፣ ንሳ/ሱ ነዚ ግለሰብ ንምብጻሕ ሓገዝ፣ ነዚ ሰብ ንምርካብ ዓጃቢ ዝደልዩ እንተድኣ ደልዮም።

**ግበር** ንሳ/ሱ ደሓን ክሳብ ዝስምዖም ወይ ንሳ/ሱ ኣብ ትሕቲ ክንክን ናይ ከም ደሓንን እሙንን ዝተመርጸ ግለሰብ ምስ እቲ ቆልዓ/በጽሒ ጽናሕ።

**ግበር** ትኽክልን ተዛማድን ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ ህሉው ኣገልግሎታትን ብኸመይ ክበጽሑ ከምዝኽእሉን ነቲ ቆልዓ/በጽሒን ነቲ ንሳ/ሱ ዝኣምንዎ ዓቢ ሰብን ምቕራብ።

**ግበር** ንትፈልጦ እፈልጦ ንዘይትፈልጦ ኣይፈልጦን በል። እቲ ዝተሓተ ሓበሬታ እንተዘይብልካ “ኣነ ኣይፈልጦን እየ” ወይ “እቲ ሓበሬታ የብለይን” በል።

**ኣይትግበር** እዞም ግለ ሰባት ነቲ ጎነጽ ፈፀምቱ ብምዃኖም፣ ወይ ድማ እቲ ቆልዓ/በጽሒ ተመኩሮታቱ ከካፍሎም ዘክደሊ ስለዝኽእል ንሳ/ሱ ምሳኻ ኣብ ዝዛረበሉ እዋን ሓደ ቆልዓ/በጽሒ ክንክን ወሃቢኡ ወይ ካልእ ግለስብ ምስኡ ንክህልዎ ምግዳድ።

**ኣይትግበር** ንሳ/ሱ ኣብ ጭንቀት እንከለዉ (ንኣብነት፣ ናበኸየ፣ ሕርቃን ከለዎ፣ ስምባደ እንከለዎ) ሓደ ቆልዓ/በጽሒ ሓላው ዘይብሉ ምግዳፍ።

**ኣይትግበር** ነቲ ኩነታት ብገዛእ ርእስኻ ክትፈትሕ ምፍታን፣ ነቲ ቆልዓ/በጽሒ መደብ ምግባር ወይ ውሳኔ ምውሳን።

# ናይ ቆልዓ ዕድመን ውሳኔታት ናይ ምውሳድ ክእለትን መውከሲ

ኣስተውዕል ሓደ ብፍሉይ ዝሰልጠነ በዓል ሞያ – ጂቢቪ(GBV) ምስ ዘጋጠሞም ቆልዑ/በጽሒታት ምስ ናይ ምስራሕ ልምዲ – ናይ ሓደ ቆልዓ ወይ

በጽሒ ውሳኔታት ናይ ምውሳድ ምግባር ክእለት ምስ እቲ ቆልዓ/በጽሒ ገዛእርእሶምን ምስ ናቶም ናበይትን ብምትሕብባር ንምውሳን ይግበር።

**ከም ሓደ ብፍሉይ ዘይሰልጠነ በዓል ሞያ መጠን ናትካ ተራ ነቲ ቆልዓ/በጽሒ ብጽሞና ምስማዕን ምኞት ምሃብን፣ ምስ ገለ ዝኣምንዎ ሰብ ምርኻብን ብዛዕባ ህሉው ኣገልግሎታት ሓበሬታ ምክፋልን እዩ።**::: ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ናይ ዕድመ ምድባት ንመወከሲ ዝኣክል ጥራይ እዮም ከምኡ ድማ ኣብ ዕድመ፣ ናይ ብስለት ደረጃ፣ ዕቤታዊ ደረጃን ካልኦት ረቋሒታት ብምምርኳስ ክቐየር ይኽእል እዩ።

ዓበይቲ በጽሒታት ክሊ ዕድመ 15 ዓመታትን ካብኡ ንላዕልን ብሓፈሻ እኹል ብስለት ኣለዎም ን

ናይ ገዛእ ርእሶም ውሳኔታት ምግባርን ተመኩሮታቶም ንኽርድኡን።

ናትካ ተራ፣ (1) ነቲ በጽሒ ተመኩሮኡ ከካፍል እንከሎ ብጽሞና ምስማዕ፣ (2) ኣብቲ ዝቕጽል ደገፍ ነቲ በጽሒ ምስ ገለ ዝኣምኖ ሰብ ክራኸብ ምሕጋዝን (3) ሓበሬታ ብዛዕባ ህሉው ኣገልግሎታትን ብኸመይ ክረኽብዎም ከምዝኽእሉን ምቕራብ እዩ።

**ንኣሽቱ ቆልዑ 6 ክሳብ 9 ዓመታት ከምኡ ድማ ንኣሽቱ በጽሒታት 10 ክሳብ 14 ዓመታት** ናይ ናይ ጎነጽ ተመኩሮታት ዘጋጠሞም ብገዛእ ርእሶም ጽብጻብ ክህቡ ዝኽእሉን ዘይክእሉን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብገዛእ ርእስኦም ውሳኔታት ክገብሩ ዝኽእሉን ዘይክእሉን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ናትካ ግደ፣ (1) ነቲ ቆልዓ/በጽሒ ኣብ ዝቕጽል ደረጃታት ንኽድግፎም ሓደ ዝኣምንዎ ዓቢ ሰብ ኣብ ምርካብ ምሕጋዝን (2) ሓበሬታ ብዛዕባ ህሉው ኣገልግሎታትን ብኸመይ ክረኽብዎ ከምዝኽእሉን ንኽልቲኦም ነቲ ቀፕልዓ/በጽሕን ነቲ ዝተመረጸ ዓቢ ሰብን ምቕራብ እዩ።:::

**ዕሸላት ከምኡ ድማ እግሪ-ተኸሊ 0 ክሳብ 5 ዓመታት** ብሰንኪ ናይ ምርድዳእ ሜላታት ገደብ ወይ ሕጽረት ዘጋጠሞም ናይ ጎነጽ ተመኩሮታት ብገዛእ ርእሶም ኣይክሕብሩን እዮም። ኣብ ክንዲ እቲ ቆልዓ ካልእ ውልቀሰብ – መሓዛ/ዓርኪ፣ ናባይ፣ ኣባል ስድራ፣ ኣባል ማሕበረሰብ ወዘተ – ሓገዝ ክሓትት ዝክእል ነተ ቆልዓ ወኪሊ።

ናትካ ግደ፣ ሓበሬታ ብዛዕባ ህሉው ኣገልግሎታትን ብኸመይ ክበጽሑ ከምዝኽእሉን ነቲ ዓጂብዎም ዝመጸ ግለሰብ ምቕራብ እዩ።

ዝተወስደ ካብ፣ ዩኤንኤሲኣር (ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ናይ ስደተኛታት ኮሚሽነር)፣ ዝበለጸ ኣገዳስነት መወስኒ መምርሒታት፣ 2008። ኣይኣርሲ(ኢንኖሴንቲ ናይ ምርምር ማእከል)/ ዩኒሴፍ (ናይ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ለኻዊ ናይ ህጻናት ሕጹጽ ፉንድ)፣ ግዳያት ጾታዊ ዓመጽ ዝኮኑ ህጻን ዝከናኸን ዘሎ፣ 2012።

እዚ ምንጪ ናይ 2015 ኣይኤኤስሲ (ቀዋሚ ናይ ወኪል ውሽጣዊ ኮሚቴ) ጂቢቪ (ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ዓመጽ) መምርሒታት ሓደ መዐጃቢ እዩ።
www.gbvguidelines.org

www.gbvguidelines.org/pocketguide

GET IT ON Google Play    Download on the App Store

ናይ ጂቢቪ (ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ዓመጽ) ንእሽቶ መምርሒ መጽሓፍ